## ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 28.11.2006

ፈጻሚ ሽማግለ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ 23-27 ሕዳር 2006፡ 2ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ካርቱም ብዓወት ኣሰላሲሉ።

ፈጻሚ ሽማግለ፡ ካብ ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈትን ወካይልን ቦታውያን ምምሕዳራትን ሽማግለታት ጨናፍርን፡ ናይ መጽናዕትን ድህሰሳን ኮሚቴታትን ዝቐረበሉ ጸብጻባት ድሕሪ ምስማዕን ምምይያጥን ኣገደስቲ ውሳኔታት ወሲዱን፣ ንዝመጽእ 4 ኣዋርሕ ዝኸውን መደባት ስራሕ ንነፍስ ወከፍ ቤት ጽሕፈት ብዝርዝር ሓንጺጹን። ነቲ ክስርሓሉ ዝጸንሐ ምምሕዳራዊ ትካላትን ምምሕዳራዊ መምርሒታትን ምሕዳስ፡ ናይ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ዓቢ ክፉል ዝወሰደ ኣጀንዳ ነበረ።



ፈጻሚ ሽማግለ፡ ውጽኢት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ህዝብን ኣባላት ውድብን ንምብጻሕን፤ ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ንምምስራት ዝተኻየደ ፈላሚ ናይ ድህሰሳ ስርሓትን ኣዕጋቢ ምንባሩ መዚኑ።

ፈጻሚ ሽማግለ፡ ነቲ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዘሎ ኵነታት ህዝቢ ኤርትራ ገምጊሙን፤ ብሰንኪ ጭቆና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ዝፈትውዎ ህዝቦምን ሃገሮምን ራሒሪሖም ዝስደዱ ዘለዉ መንእሰያትን ዝሓደሮ ሻቕሎት ውን ገሊጹ።

ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣውያን ማሕበራት፡ ብዛዕባ ዕጫ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ስደተኛታት ድማ ብፍላይ፡ ዝግባእ ተገዳስነት ዘይምግባሩ ኣዝዩ ከምዘተሓሳሰቦ ገሊጹ። ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ፡ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጽሞ ዘሎ ጭቆናን ዘውረዶ ዘሎ ስቅያትን ኰኒኑ፤ ኣብ ውሽጣዊ ጕንጽታት ናይ ጐረባብቲ ሃገራት ዝገብሮ ዘሎ ንረብሓ ናይ ህዝብና ዝሃሲ ምትእትታዋት ደው ንኽብሎ ኣጠንቂቑ።

ኣብ መዳይ ሓይልታት ተቓውሞ ብዝምልከት፡ ፈጻሚ ሽማግለ፡ ንዕድመ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምሕጻር፡ ሓደ ወይ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባት ብዘይውዓል ሕደር ክጸናበሩ ሓደን ክልተን ዘይብሃለሉ ጉዳይ ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።.

